# ቃል ምስጋና!!

ብስመይን ብስም በዓልቲ ቤተይን ደቀይን፣ ከምኡ’ውን ብስም’ቶም ኣብ ኤርትራን ኣብ ስዑዲ ዓረብን ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ኣብ ሸወደንን ዝረከቡ ኣሕዋተይን መቕርበይን፣ ብምኽንያት ዕርፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ሓጅያ ሳዕድያ ሻፌ ሓጂ ሙሳ ልባዊ ምጽንናዕን ናይ ሓዘን ተኻፋልነትን ዝገልጸኩሙልና ኣሕዋትን ኣሓትን ክብ ዝበለ ምስጋና ብምቕራብ፣ ሕሰም ኣይተረክቦ ንብለኩም። ክብርቲ ወላዲትና ብሰሉስ ዕለት 18/02/2020 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈሊያትን፣ ኣብ ኣስመራ መቓብር ሸኽ ኣልኣሚን ሓመድ ኣዳም ለቢሳ።

ንኽብርቲ ወላዲትና ረበል ዓለሚን ኣብ ሰፈሕ ገነቱ ይቀበላ። ኑቶም ኣብ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ብኣካል ዝተሳተፍኩም ይኹን ኑቶም ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጻናናዕኩምናን፣ ካብ ዝተፈላለይ ኩርናዓት ዓለም ብስልኪ ይኹን ብዝተፈላለየ ማሕበራዊ መረኸቢታት ኣተባባዕን ኣጸናናዕን ቃላትን መልእኽታትን ጽሑፋትን ዝለኣክሙልና፣ ካብ መዓሙቕ ልብና ዕዙዝ ሕውነታዊ ምስጋናና ከነቕርብ ደስ ይብለና። ዘርኣኹሞ ሕውነታውን ሰብኣውን መርገጽ፣ ነቲ ዘወረደና ከቢድ ናይ ወላዲት ምፍላይ ሓዘን ኣብ ምፍኳስ ዓቢ ተራ ከም ዝነበሮ ብምግላጽ፣ ዝገደፈልና ሰምዒት ንምግላጽ ቃላት ይሓጽረና።

ዲጊመ ብስም ኩሎም ኣሕዋተይን በዓልቲ ቤተይን ደቀይን መቕርበይን ልባዊ ምስጋናይ ብምቕራብ፣ ሕሰም ኣይትርከቡ ይብለኩም። ንኽብርቲ ወላዲትና ሳዕድያ ሻፌ ድማ ኣብ ሰፈሕ ጀንኡ ረቢ ይቀበላ።

ብስም ስድራ ቤት
ነጋሽ ዑስማን ኢብራሂም
21/02/2020